# ባልጃ ተቶኪሳ እንተራኽስ ባስታ ኣፍሲሳ

*ብሚካኤል ኣጎስቲኖ* /ጀርመን

4 ነሓሰ 2008

ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ካላኣየይ ንሓደ ጋሻ ክቅበል ናብ መዕርፎ ነፈርቲ ፍራንክፎርት ሃገረ ጀርመን ከድክልኩም፣ እታ ነፋሪት ነቲ ጋሻ ሒዛ ትመጽእ ናይ ሳዓታት ምቅይያር ስለ ዝገበረት፣ ማለት ናይ ሓደ ሳዓትን ፈረቓን፣ ምስቲ ካላኣየይ ጊዜ ክሓልፈልና እስከ ዘወር ንበል እንዳበልና ኮሎና ሓንቲ ኤርትራዊት ምስ ክልተ ደቃ ብጥቃና ሹዱድ እናበለት ሓለፈት ኣብቲ ዓረብያ ኣርባዕተ ዓበይቲ ባልጃ ጺዒና ነበረት፣ካባና ገለ ሰለስተ መትሮ ዝኾዉን ፍሊይ ምስ በለት፣ ሓደንቲ ካብተን ባልጃ ካብ ላዕሊ ጥብ ኢላ ሻዓ ኣብክልተ ተተርበዔት፣ እንተራእኻስ ብምልእታ ባልጃ ባስታ ወዲ ባስታ፣ኣይናይ ባስታ መሲልኩምከ ባስታ ኣስፓገቲ ተዝኸዉን ንምእራይ ምጣዓመ፣ እዚ ግን ፓስታ ማኮሮኒ እቲ ከቢብ ባስታ ፋሕ ምስ በለ ከም ፓሊና ኮረር ኢሉ ነቶም ሳዓት ናይ ነፋሪት ኣኺልዎም ዝጎዩ ዝነበሩ ሰባተ’ዉን ቀስ ክብሉ ተገደዱ፣ ምኽንያቱ እዚ ከቢብ ባስታ ምስ ትረግጾ ከዉድቀካ ስለ ዝኽእል፣

ገያሽት፣ ወዮ ሰበይቲ ንድሕሪት ጥምት ኣቢላ ኣቱም ይሕዋተይ ኤርትራዉያን ዲኹም በጃኹም ሓጉዙኒ እንዶ በለትና፣

ተዓዛባይ፣ ካብ ዝኹሉስ ቀሰይ ግዳ ዘይትብሊ ነበርኪ

ገያሺት፣ ናይ ኣየር ሳዓት እንድዩ ኣኺሉኒ በለት፣

ተዓዘብቲ ፣ብሓቂ ከብድና በሊዓትና፣ ምስኣ ንኽንኣሪ ጀመርና፣ እንዳኣረና ኮሎና ናበይ ኢኺ ትኸዲ ዘሎኺ ኢሉ እቲ ካላኣየይ ሓተታ፣

ገያሺት፣ ናብ ዓዲ ናብ ኤርትራ ኢላ መለሰት፣

ተዓዛቢ፣ እዋይ፣ ኢሉ እቲ ብጻየይ ርእሱ ሓዘ፣ ኤርትራ ድኣ ሎሚ ዓመት ርእሳ ኪኢላ ዝብል መግለጺ ካብ ፕረሲደንት ኤርትራ ኣብ ቲቪ ኤረ ኣይሰማዕክን ድኺ? በላ፣ወረ ባስታ ናብ ወጻኢ ሃገር ንልእኽ ኣሎና ክብሉ ኣይሰማዕክን?

ገያሺት፣ ወይ ዓዶኽዶኽ፣ ኣንታ ሓወይ ኣነ እኺ ማዓልታዊ ኢየ ናብ ስድራይ ተለፎን ዝድዉል፣ ስድራ የብልኩምን ዲኹም? በለት፣ቀጺላ ህዝብና ድኣ እዚ ትብልዎ ዘለኹም ግደፍዎ እሞ፣ ንሓንቲ ባኒ ዶ ኣይኮነ ጨኒቓቶ ዘላ፣ እታ ሓንቲ’ዉን ፍርቂ ከይትኸዉን ፍርሖ በለት

ተዓዘብቲ፣ እንታይ ፈሊጥና መንግስትኹም እንዳኣሉ ከምኡ ዝብል ዘሎ፣

ገያሺት፣ ናይ መንግስትና ዝብሎ ድኣ ርብዒ ዘይጸሪ፣ ዋይ ኣነ፣ ወረ ምስመን ኢየ ኸ ዝዛረብ ዘለኹ? ኣንታ ከይትእሱሩኒ እባ ንዓዲ እኺ እየ ዝኸይድ ዘለኹ በለት፣ ቀጺላ ኣንታ በጃኹም ቅልጥፍ ቅልጥፍ እንዶ በሉ ናይ ዘረባ ሳዓት ኣይኮነን እዛ ነፋሪት ከይትገድፈኒ በለት

ኣብ መወዳእታ ባስታ ታእርዩ ግን ኣበይ ይኹን ባልጃ ሻርነራ ተሰሩ ብኸመይ ትዉሰዶ ?
እንባኣር ስጋዕ ትመጽእ ከነጽንሓሰላ ተለፎን ተላዋዊጥና ንብለኩም:: ብድሕሪዚ እዚ ዘጋጠመ ንገለ ሰባት ምስ ሓበርኩ ኣበይ ኣለኻ ሎሚ ዳኣ ጨርቂ መርቂ ተሪፉ እንድዩ ብሓቂ ሃገርና ኣብ ዘስካሕክሕ ኩነታት ኢያ ትረከብ ዘላ በሉኒ፣

ዓወት ንህዝብና
ዝኽርን ሞጎስን ንስዉኣትና፣